# መንበሪኹም ብዝምልከት ሽግር እንተደኣ ኣጋጢሙ ሓላፍነትኩም እንታይ ምዃኑን እንታይ ክትገብሩ ከም ዘሎኩምን

ሚያዝያ 2010

scottish refugee council

Tigrinya

ብሆን ኦፊስ (ቅድሚ ሕጂ ናይ NASS መንበሪ ኣባይቲ ተባሂሉ ዝጽዋዕ) ዝወሃብ መንበሪ ኣባይቲ ጽሩይ፣ ንምምንባሩ ዝጥዕም ከምእውን ውሑስ ክኸውን ይግባእ።

መንበሪ ኣባይትኹም እኹል መከላኸሊ ሓደጋ ሓዊ ዘለዎ ክከውን ኣለዎ ከምእውን ዝሑስ ወይድማ ካልእ ዓቢ ዝኾነ ምትዕርራይ ዘድልዮ ክኸውን የብሉን።

እዚ ሓጺር ጽሑፍ እዚ ብዛዕባ መሰላትኩምን ሓላፍነታትኩምን ከምእውን ናይቲ ኣባይቲ ዝቕረበልኩም ኣካል ሓላፍነታት እንታይ ምዃኑ ከምእውን ዝኾነ ይኹን ሽግር ምስ ዘጋጥም እንታይ ክትገብሩ ከምዝግበኣኩምን ንሕና ድማ ንኸመይ ክንሕግዘኩም ከምእንኽእልን ዝገልጽ ጽሑፍ እዩ።

## ኣብቲ መንበሪ ኣባይቲ ክቕመት ከለኹ ዘሎኒ ሓላፍነታት እንታይ እዩ?

ከምዚ ዝሰዕብ ክትገብሩ ይግባእ፥

- መንበሪ ገዛኹም ብጽሬት ክትሕዙን ነቲ ዝተወሃበኩም ዝኾነ ይኹን ኣቑሑን መሳለጥን ብጥንቃቐ ክትሕዙ፣
- ነቲ መንበሪ ኣባይቲ ከምእውን ናይ ሓባር ቦታታን ብግቡእ ክትከናኸኑ። ንኣብነት፡ እቲ ናይ ሓባር መደያየቢ ቦታ ጽሩይ ምኻኑን ዝኾነ ንብረት ወይ ክዳውንቲ ኣብኡ ከይህሉን ምርግጋጽ፣
- ናይ ገዛኹም ጎሓፍ ብግቡእ ምጉሓፍ። እዚ ማለት ድማ ነቲ ናይ ጎሓፍ መትሓዚ ምጽራይን ኣብቲ ዝግብኦ ቦታ ምቕማትን ዘጠቓልል እዩ፣
- ጋሻ ምሳኹም ክሓድር ሰብ ቅድሚ ምፍቃድኩም፡ ካብ ሆም ኦፊስ ናይ ጽሑፍ ፍቃድ ክወሃበኩም ኣቐዲምኩም ምሕታት፣
- ኣብ ውሽጢ ሽዱሽተ ኣዋርሕ፡ ካብ 14 መዓልታት ንላዕሊ (ብድምር) ካብ መንበሪ ኣባይትኹም ናብ ካልእ ቦታ ቅድሚ ምኻድኩምካብ ሆም ሆፊስ ናይ ጽሑፍ ፍቓድ ክወሃበኩም ምሕታት። ካብቲ መንበሪ ኣባይቲ ቅድሚ ምኻድኩም እዚ ፍቓድ እዚ እንተደኣ ዘይተወሃበኩም፡ መንበሪ ኣባይትኹም ክትሕደጉ ትኽእሉ ኢኹም፣
- **ዘኾነ ይኹን ሽግር** እንተደኣ ኣጋጢሙ **ብዝተኻእለ መጠን ቀልጢፍኩም** ነቲ ኣባይቲ ዘቕርበልኩም ኣካል ሓብሩ።
- ዝተዓራረ ነገር ምእንቲ ከዐሪ፡ ነቲ መንበሪ ኣባይቲ ዘቕረበልኩም ኣካል ናብ ቤትኩም ክኣቱ ኣፍቅድሉ።

Scottish Refugee Council, 5 Cadogan Square, (170 Blythswood Court), Glasgow G2 7PH Tel: 0141 248 9799, Fax: 0141 243 2499,
www.scottishrefugeecouncil.org.uk
ቤት ምኽሪ ስደተኛታት ስኮትላንድ ኣብ ስኮትላንድ ዝተመዘገበ ናይ ግብረሰናይ ማሕበር እዩ። ምዝጉብ ግብረሰናይ። SC008639

**መንበሪ ገዛይ ብዝምልከት ሽግር እንተደኣ ኣሎኒ እንታይ ክገብር ይግበኣኒ?**

**መንበሪ ኣባይትኹም ብዝምልከት ዝኾነ ይኹን ሽግር እንተደኣ ኣሎኩም ኮይኑ፡ ብመጀመርያ ደረጃ ነቲ ኣባይቲ ዘቕረበልኩም ኣካል ብዛዕብኡ ከተዘራርቡ ይግባእ። ናብቲ መንበሪ ክትግዕዙ ከለኹም እቲ ኣባይቲ ዘቕረበልኩም ኣካል ኣድራሻን ስልኪ ቁጽሪን ክህበኩም ይግባእ። ዝርዝር ኣድራሽኦም እንተደኣ ዘይብልኩም ኰይኑ፡ ተወከሱና ንሕና ድማ ክንሕግዘኩም ኢና። ኣብዚ ናይ ናጻ ስልኪ ቁጽርና 0800 085 6087 ብምድዋል ክትውከሱና ትኽእሉ ኢኹም፤ እዚ ናይ ናጻ ስልኪ ቁጽርና ካብ ናይ ገዛ ስልኪ ምስእትድውሉ ጥራይ እዩ ዝሰርሕ።**

**እቶም ሪፖርት ክግበሩ ዝግበኦም ሽግራት ከምዚ ኣብ ሰዒቡ ዘሎ ሰንጠረዥ ዝተገለጹ ክኾኑ እንከለው ኣብዚ ዝርዝርዚ ግና ኣይውሰኑን እዮም። እዞም ዝተዘርዘሩ ኣብነታት ነቲ ሽግር ንምፍታሕ ክንደይ ግዜ ከምዝወስድ ድማ ይገልጹ።**

| ጉዳይ | መልሲ/ናይ መዐረዩ ግዜ |
|---|---|
| ውሑስ ዘይኮነ ኩነታት መንበሪ ከምኒ ናይ ጋዝ ምንጣብ፣ ውሕጅ ምጥልቕላቕ፣ ወይድማ ናይ ሓዊ ዕንወት | እቲ ሽግር ሪፖርት ምስተገብረ ኣብ ውሽጢ 2 ሰዓታት መልሲ ይወሃብ |
| ከቢድ ናይ መንበሪ ኣባይቲ ኪነታት ንኣብነት፡ ውዑይ ማይ ምስዘይህሉ፣ ናይ ኤለክትሪክ ሓይሊ ስምዘይህሉ ወይድማ ናይ ትኺ ነሐበሪ ማሽን ምስዘይሰርሕ | እቲ ሽግር ሪፖርት ምስተገብረ ኣብ ውሽጢ 24 ሰዓታት መልሲ ይወሃብ |
| ህጹጽ ናይ መንበሪ ኩነታት ንኣብነት ቅልል ዝበለ ምዕባስ፣ ናይ መስተያት ምዕራይ ወይድማ መንኮት ምኽፋት ምዕጻው ምስዝኣቢ | እቲ ሽግር ሪፖርት ምስተገብረ ኣብ ውሽጢ 24 ሰዓታት መልሲ ይወሃብ፡ ኣብ ውሽጢ 7 መዓልታት ድማ ይዕረ |
| ናይ መዓልታዊ ናብራ ኩነታት ንኣብነት መሕጸብ ክዳውንቲ ማሽን ምስዘይሰርሕ፣ ኣቑሑ ክቕየር ምስዘድልዮ፣ ወይድማ ናይ ወጻኢ ምትዕርራያት ምስዘድሊ | እቲ ሽግር ሪፖርት ምስተገብረ ኣብ ውሽጢ 28 መዓልታት ይዕረ |

**ኣብ ጽሩይ ውሑስ ዝኾነን ዘተኣማምንን መንበሪ ኣባይቲ ናይ ምንባር መሰል ከምዘለኩም ምዝካር ኣገዳሲ እዩ። ካብቲ ናይ መንበር ኣባይቲ ከምእውን ናይ ኤሌክትሪክን መገጣጠምን ከምእውን ካብ ጎረባብቲ ወይ ካልኦት ሰባት ንዝመጽእ ሓደጋ ክትቃልዑ የብልኩምን።**

**እቲ ኣባይቲ ዘቕረበልኩም ኣካል ነቲ ሽግር እንተደኣ ዘይፈተሑ፡ እቲ ሽግር ስለምንታይ ዘይተፈትሐ ንምፍላጥ ንዓኹም ወኪልና ክንሓቶም ንኽእል ኢና ወይድማ ነቲ ሆም ኦፊስ ክንከሶ ንኽእል ኢና።**

**ሓላፍነት ናይቲ ኣባይቲ ዘቕረበለይ ኣካል እንታይ እዩ?**

እቲ ኣባይቲ ዘቕርበልኩም ኣካል እትነብርሉ ውሑስን ጽሩይን ኣባይቲ ኣብ ርእሲ ምቕራቡ፡ ብተወሳኺ ከምዚ ዝስዕብ ሓላፍነት ኣለዎ፥

- ምስ መጽእኩም በቲ ዝርደኣኩም ቋንቋ "ሓጺር መላለዩ" ክገብረልኩም ይግባእ። ኣብቲ ኣባይቲ ብምዛር ክርእይኹምን ኣጠቓቕማ ነገራት ክርእይኹምን ከምእውን ብዛዕባ ኮትራትኩም ክገልጸልኩምን ይግባእ ዘተቓልል ማለት እዩ፣
- እንተደኣ ኣድልይኩም ድማ ኣስተርጓሚ ከቕርብልኩም፣
- ኣብ ግዜ ሕጹጽ ኩነታት ድማ ብኸመይ ክትውከስዎም ከምእትኽእሉ ዝርዝር ሓበሬታ ምሃብ፣
- እቲ ሽግር ብናትኩም ወይ ምሳኩም ዝነብር ሰብ ሸለልትነት ዝተላዕለ ክሳብ ዘይኮነ ግዜ፡ ናይ ኣቑሑ መተዓራረዪ ወጻኢታት ምኽፋል፣ ኤሌክትሪካት ምትዕርራይ፣ ናይ ማይ ቱቦታት ከምእውን ካልእ ክግበር ዝግበኦ ምትዕርራያት ምግባር፣
- ዝኾነ ጥርዓን ብኸመይ መንገድን መዓስን ከምዝርአ ብጽሑፍ ይገልጸልኩም። እዚ ድማ ሽግር/ጥርዓን ከምዘቕረብካ መረጋገጺ ኽኸውን እዩ፣ ከምእውን
- ንዝኾነ ብዛዕባ እቲ መንበሪ ኣባይቲ ዝቐርብ ጥርዓን ኣብ ግቡእ ዝኾነ ናይ ግዜ ገደብ ምምላስ። እቲ መልሲ ዝወሃበሉ ናይ ግዜ ገደብ ከምቲ ናይቲ ሽግር ዕቱብነት ከምዝፈላለ ከምእውን ሓደሓደ ግዜ ክሳብ 28 መዓልታት ክወስድ ከምዝኽእል ከተስተውዕሉ ይግባእ። ምሉእ ዝኾነ ሓበሬታ ንምርካብ ኣብዚ ሓጺር ጽሑፍዚ ኣቐዲሙ ዘሎ ገጽ ዝተገልጸ ሰንጠረዥ ተመልከቱ።

**ግፍዒ፣ ዘይግቡእ ኣተሓሕዛ ወይድማ መጥቃዕቲ እንተደኣ ኣጋጢሙኒ እንታይ ክገብር ይግበኣኒ?**

ኣብ ዝኾነ ይኹን ዓይነት መንበሪ ኣባይቲ ሃልዉ፡ ኣብኡ ውሑስ ብዝኾነ መንገዲ፣ ብዘይ ገለ ፍርሒ ወይ ምፍርራሕ ወይድማ ዓመጽ ክትነብሩ መሰል ኣሎኩም። ዓሌትኩም፣ ሕብርኹም፣ ብሄርኩም፣ ጾታኹም፣ ጾታዊ ምርጫኹም ወይድማ መበቆል ዓድኹም መሰረት ብምግባር፡ ዝኾነ ሰብ እንተደኣ ሕማቕ ኣተሓሕዛ ወይ ኣቀባብላ ጌርልኩም ከቢድ ወንጀል ከምእውን ዘይሕጋዊ እዩ።
እቲ መጀመርያ ክትገብርዎ ዝግበኣኩም ነገር ብዛዕባ እቲ ዘጋጠመ ኩነታት ነቲ ናይ ከባቢኹም ፖሊስ ክትሕብሩ ክኸውን እንከሎ፤ ንሳቶም ድማ ነቲ ኩነታት ክምርምርዎ እዮም። ነቲ ኣብ Strathclyde ዝርከብ ፖሊስ ጣብያ ብስልኪ ቁጽሪ 0141 532 2000 ብምድዋል ተወከሱ፡ እሞ ናይ ከባቢኹም ፖሊስ ጣብያ ኣበይ ምዃኑን መን ክሕግዘኩም ከምዝኽእልን ክሕብርኹም እዮም።

ብቐጥታ ምስ ፖሊስ ክትዘራረቡ እንተደኣ ዘይከኣልኩም ወይኡም፡ ንሕና ነቲ ሽግር ብምስጢር ኣብ ዝግብኦ ቦታ ሪፖርት ኣብ ምግባር ክንሕግዘኩም ከምእውን ናይ ስነኣእምራዊ ሓገዝ ክህባኹም ምስዝኽእላ ማሕበራት ከነራኽበኩም ንኽእል ኢና።

ናይ ዘጋጠመ ዓሌታዊ ግፍዒ፣ ዘይግቡእ ኣተሓሕዛ ወይድማ መጥቃዕቲ ብምልኡ ሪከርድ ክትሕዙ ኣገዳሲ እዩ። ከምዚ ዝስዕብ ክትገብሩ ይግባእ፥

- እንታይ ከምዘጋጠመ ከምእውን እቲ ሽግር ዘጋጠመሉ ግዜ፣ ዕለት ከምእውን ዘጋጠመሉ ቦታ ብጽሑፍ ሓዙ
- ዝተላእከልኩም ዝኾነ ጽሁፍ፣ ደንዳቤታት፣ ተክስት፣ ወይድማ ኢመይል ሓዙ
- ናይቲ ሰብ ጥባይ ምስ ዝጸለዎም ወይ ዝተንከፎም ካልኦት ሰባት ኣዘራርቡ (ንኣብነት፡ ካልኦት ጎረባብቲ ወይድማ ተኻረይቲ)።

Scottish Refugee Council, 5 Cadogan Square, (170 Blythswood Court), Glasgow G2 7PH Tel: 0141 248 9799, Fax: 0141 243 2499,
www.scottishrefugeecouncil.org.uk
ቤት ምኽሪ ስደተኛታት ስኮትላንድ ኣብ ስኮትላንድ ዝተመዘገበ ናይ ግብረሰናይ ማሕበር እዩ። ምዝጉብ ግብረሰናይ። SC008639